**ናይ ሎምዓንቲ ዉዕሎ ኣብ ገርዓልታ ዘጋጠመ ፀገም አብ መሪሕነት ሰብ ሕድሪ፤**



ብዕለት ፪፪ መጋቢት ፳፩፩ ህዝባዊ ዋዕላ ተካይድ ከምዝነበረ ይዝከር። ሰባት ኣብቲ ዋዕላ ተረኺቦም ዝመሰሎም ተዛሪቦም። ድሕሪኡ ምምሕዳር ወረዳን እታ ኸተማን ነቶም ዝተዛረቡ ከጥቅዕዎም ጀሚሮም።

ነዚ ስዒቡ ፫ ኣመራርሓ ሰብ ሕድሪ ዝርከቦ ጉጅለ ብአይተ መሓሪ ዬሃንስ አቦ ወንበር ዝሃዘ ለምዓንቲ ናብ ፅገሬዳ ተበጊሱ ክፃሪ ጀሚሩ፥

**ንግዳያት ኣዛራሪቦም ዝረኸብዎ ዓይነታት ጥቕዓት፥**

ብሸፈጥን ናይ ሕሶት ምስክር ዝተኣሰረ ኣብቲ ናይ ዕለት ፪፪ መጋቢት ዋዕላ መተሓባበሪ ዝነበረ መእንአሰይ ረኺቦም – ነቲ ዋዕላ ተሓባቢርካ እኻ ብዝብል ምልሻ ዝነበረ ብረቱ ከተክብ ክሳብ ናይ መእሰርቲ ምፍርራሕ ዝበፅሖ ረኺቦም – ኣብቲ ናይ ፪፪ መጋቢት ዋዕላ ብን ኣፍሊሕኺ ዝተብሃለት ንማእሰርትን መግረፍትን ዝተዳረገት ሰበይቲ ረኺብም – ኣኼባ ፪፪ መጋቢት ኣተሓባቢርካ ተባሂሉ ካብ ስልጣኑ ብናይ ወረዳ ካቢነ ብዘይሕጋዊ መገዲ ክወርድ ዝተገበረ ሓላፊ ሊግ መናእሰይ ጣብያ ፅጌረዳ ረኺቦም – ኣገልጉሎት ኮነ ተባሂሉ ይዶናገ ከምዘሎ ህዝቢ ይዛረብ – ቅድሚ ኣኸባ መጋቢት ፪፪ መናእሰይ ናይ ከተማ መሬት ክትዕደሉ ኢኹም ተባሂሎም ዝነበሩ ድሕሪ ኣኼባ ኣብ በረኻ ኢና ንህበኩም ዝብል ኣደራዕን ግፍዕን ወሪድና ከብሉ ይዛረቡ።

ኮታስ ኣብ ኣኼባ መሰሉ ተጠቒሙ ዝተዛረበ ህዝቢ ድሕሪኡ ክሽቕረርን ክደሃልን ሰፊሕ ስራሕቲ ይስራሕ ከምዘሎ ተዓዚቦም። ከምዕዉን ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ንሰለስተ ሰዓታት አቤት መእሰርቲ ተወሲዶም እዚ ውዑእ ናይ ሕጊ መንግስቲ ጥሕሰትን ግህሰት ሰብኣውን ዴሞክራስያውን መሰል እዩ።